الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

ዕለት 06/02/10

# ህጹጽ ህዝባዊ ጸዋዒት

ብሰንኪ ጎባጥን ተናኻሲን ፖሊስኡ ንቅርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ንምእታው ስረሐይ ኢሉ ስለ ዝተታሓዞ፡ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሮም ብዝተፈላለየ መንገድታት ኣከያይድኡ ከመሓይሽን ካብ ጣልቓ ምእታው ክቑጠብን ምዕዱታቶም እኳ እንተለገስሉ ንኹሉ ጸዋዒት ነጺጉ ናብ ዝኸፍአ መገዲ ጥፍኣትን ዕንወትን ዕንድርነኡ ስለ ዝቐጸለ፡ ዝኣክል መርትየታቶም ድሕሪ ምእካብ ኣብ ልዕሊኡ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት እገዳ ተበይኑ። እዚ ጉዳይ ብቀዳምነት ኣብ ኣባላት ኢጋድ ተላዒሉን ሕቶ ቀሪቡሉ ነይሩ እዩ። ጽን ኢላ ክትሰምዕ ዘይለመደት እዝኒ ግን ብኡ ንብኡ ካብ ኢጋድ ኣባልነቱ ስሒቡ። ቀጺሉ ኣብ መጋባእያ ሓድነት ኣፍሪቃ ቀሪቡ ነቲ ዘካይዶ ዘሎ ዝርጋን መዕገቲ ክግበረሉ ንባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ማዕቀብ ክብየነሉ እማመኦም ኣቕሪቦም። ቀስ እናበለ ክውህለል ዝጸነሐ ጥርዓናት ከኣ ኣብ መወዳእትኡ ብይን ናይ እገዳ መጺኡ።

ኣሻኽ ናይ ወጻኢ ፖሊስኡ ዝፈጠሮ እገዳ ንዕኡን ጉጅልኡን እምበር ንህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ድኣ ድሮ ኣብ ልዕሊኡ ብገዛእ መንግስቱ ክንደይ እገዳታት ዘይተበየነሉ። ኣብ ገዝኡ ብሰላም ክነብር ዘይከኣለ። ብተስሪሕ እንዲዩ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝንቀሳቐስ ዘሎ። ሎሚ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ጨንፈር ዘይብላ ጉንዲ እናኾነት ትኸይድ ኣላ። ሓንቲ ኦም ጨንፈር እንተ ዘይብላ ነቒጻ ማለት እዩ። ዝነቀጸት ኦም ከኣ ንሓዊ እንተዘይኮይና ሂወት ክትመልስ ዘይሕለም'ዩ። ዓድታትና ከኣ ናብ ከምኡ ኢዩ ዝቕየር ዘሎ። ሰብ ዘይብሉ ዓዲ ከኣ ዑና እዩ። ህላወ ስድራ ቤት ዝጻረር ስርዓት ከኣ ክጠፍእ (ክልግስ) ኣለዎ። ንምድሓኑ ዝግበር ሃደምደም ብታሪኽ ዘሕትት እዩ።

ስርዓት ህግደፍ በቶም ሃሱሳቱን ኤምባሲታቱን ኣቢሉ ኣብ ወጻኢ ንዝነብር ህዝቢ ሰለማዊ ሰልፍታት ብምውዳብ ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈታት ሕቡራት ሃገራትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ብምቕራብ ኣመሪካ በዲሎምና ዘርዮምና ዝብል ጥርዓናት ከቕርቡ ይሻባሸቡ ኣለዉ። እዚ ኩሉ በደላት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክፍጸም ድኣ ንምንታይ ዓገብ ዘይተባህለ!!። 73 መንእሰያት ኣብ ባሕሪ ክጥሕሉ ድኣ ስለምታይ ኣፍኩም ተለጉሙ!!። ኣርሆስ ኣብ ባሕሪ እናጠሓሉ ይስዕስዑ ከም ዝብሃል፡ መርከብ ስርዓት ህግደፍስ ኣብ ባሕሪ ክትጥሕል ካብ ትጅምርሲ መኣስ ሕጂ ምስ እገዳ ዝመጸ ኮይኑ ነዊሕ ግዜ እንዲዩ ገይሩ። እዚስ ነቲ ምጥሓል ዝያዳ ንኽቀላጠፍ እዩ ሓጊዙ ክብሃል ዝከኣል። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን ህዝብኻን ወገንካን ጠንጢንካ ነቶም መጸይቲ ደም ዝኾኑ ውሑዳት ጉጅለ ክተድሕን ሓቢርካ ምስኦም መገዲ ጥፍኣት ምምራጽ እዩ።

ብይን እገዳ በዚ ዝቕየር እኳ እንተዘይኮነ፡ ብፍላይ ነቶም ኣንቀሳቕስትን፡ ብፍላይ ከኣ ነቶም ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕለና በደል ፈጺሙ፡ ሃይማኖታዊ እምነትና ከልኪሉና፡ ኮታ ክውንን ዘይክውኑን ሓሶታት ደርዲሮም ናይ ስደተኛ መሰል ተዋሂቡዎም ከብቅዑ ተመሊሶም ነቲ ዝመሓልሉ ረሲዖም ተሓባበርትን ኣዋፈርትን ናይዚ ጋኒን ስርዓት'ዚ ዝኾኑ ባእታታት ተግባራቶም ምእንቲ ድሕነት ህዝብና  ነተን ዘዕቆብኦም መንግስታት ምሕባር ሕጂ እዋኑ እዩ።

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ሃገርና ስላምን ግዝኣተ-ሕግን ንኽነግስ፡ ኣብ ጎረባብትና ሰላምን ምርግጋእን ክሰፍን ትምኒቱ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ክተሓጋገዝ ቅሩብ እዩ።

እቲ ሕጂ ብኤርትራና ኮምን ማሕበር መንእሰያትን ኣብ ቦቦትኡ ዝጥለብ ዘሎ ኣንጻር "ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ወዲቦም ዘሎው ሰላማዊ ሰልፊ" ዝካየድ ምትሕብባር ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ደገፉ ይገልጽ።

በዚ ኣጋጣሚ ድማ ኣብ ኩሉ ዓለም ዘለው ኣባላቱ ብንጥፈት ንኽንቀሳቐሱን ድሮ'ውን ተበጊሶምሉ ስለ ዘልው ምስ ኩሉ ደላይ ሰላም ዝኾነ ኤርትራዊ፡  ኣባላት ኪዳንን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ተቓወምቲ ሓይልታትን ስቪካዊ ማሕበራትን ብምትሕብባር ነዞም ስቓይ ህዝብና ንምንዋሕ መሻርኸቲ ስርዓት ህግደፍ ዝኾኑ መጸይቲ ካብቲ ተሓቢኦምሉ ዘለው ናብ ቃልእ ነውጽኣሉ ግዜ ሕጂ እዩ'ሞ በብዘለናዮ ከባቢ ኣብዚ ቅዱስ ውዕሎ'ዚ ኢድ ኒድ ተታሓሒዝና ንህዝብና ኣጆኻ ኣብ ግድንኻ ኣሎና ንበሎ።

ግዝኣተ-ሕጊ ይንገስ

ክፍሊ ዜናን ሓበረታን